# INFOMAPPE FÜR DIE WOHNUNGSSUCHE IN HAMBURG

**TIGRINYA**




**HERAUSGEBER:**

**DIE INSEL HILFT e.V.**

**PROJEKT INSELHAUS**

**Webseite: www.inselhilfe.org**

# INFOMAPPE FÜR DIE WOHNUNGSSUCHE IN HAMBURG

## *INFORMATION BROCHURE FOR APARTMENT HUNTING IN HAMBURG*

## ንመንበሪ ገዛ ምድላይ ዝሕግዝ ሓበሬታ ኣብ ሃምቡርግ

DEUTSCH:

Moin moin, herzlich willkommen in Hamburg! Wir wünschen Ihnen, dass Sie sich schnell in Hamburg einleben, Freunde finden sowie Bekanntschaften schließen. Zum Ankommen in Hamburg gehört für Sie sicherlich auch die eigene Wohnung oder das eigene Zimmer.

ENGLISH:

*Moin moin, and welcome to Hamburg! We hope that you will settle in well, meet new people and find friends. To feel at home in Hamburg you will surely want to find your own apartment.*

TIGRINYA:

**ሞይን ሞይን ! እንኳዕ ናብ ከተማ ሃምቡርግ ብሰላም መጻኹም ። ተስፋ ንገብር ምስ ሐደሽቲ ሰባት ተላሊኹምን ምሕዝነት ጌርኩም ሕጉስ ናብራ ጀሚርኩም ክትኮኑ ። ኣብ ሃምቡርግ ናይ በዓልኩም ገዛ ወይ ኣፓርትመንት / ክፍሊ ምድላይኩም ኣይተርፍን ።**


**<u>Herausgeber / Publisher:</u>**

**Die Insel Hilft e.V.**

**(“ዲ ኢንዝል ሂልፍት ኤ.ፋው.”)**

**Projekt: Inselhaus**

Webseite / ናይ ኢንተርኔት ገጽ ፦ www.inselhilfe.org

**<u>Übersetzung von / translation by / ትርጉም ብ:</u>**

Herr Al-Amin Abdulaziz (ኣልኣሚን ኣብዱልኣዚዝ)

Herr Semir Abdulalin (ሰሚር ዓብዱልዓሊም)

Herr Yonas Kidane (ዮናስ ኪዳነ)

Herr Martin Haars (ማርቲን ሃርስ)

Team Welcome to Barmbek – Welcome Lounge

Projekt “Interkultureller Austausch” (IkA)

WWW: https://www.welcome-to-barmbek.de

## ሞይን ሞይን ! እንኳዕ ናብ ከተማ ሃምቡርግ ብሰላም መጻኹም ። ተስፋ ንገብር ምስ ሓደሽቲ ሰባት ተላሊኹምን ምሕዝነት ጌርኩም ሕጉስ ናብራ ጀሚርኩም ክትኮኑ ። ኣብ ሃምቡርግ ናይ በዓልኩም ገዛ ወይ ኣፓርትመንት / ክፍሊ ምድላይኩም ኣይተርፍን ።

መንበሪ ገዛ ምድላይ ጀሚርኩም ትኾኑ ፣ ኾይኑ ግና ኣብ ሃምቡርግ መንበሪ ገዛ ምርካብ ግዜ ይወስድ ስለዝኾነ ፣ ተስፋ ክንቆርጽ ኣይግባእን ።

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት / ጥራዝ መንበሪ ገዛ ኣበይን ብኸመይን ከምዝርከብ ሓጋዚ እዩ ። ምስ ኣንበብናዮ ትዕግስቲ ከምዘድልየና ከሙእውን ሓገዝ ካብ ንፈልጦም ሰባት ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ቤት ጽሕፈታት ኣማኽርቲ ደገፍ ወይ ሓገዝ ከምዘድልየኩም ክትግንዘቡ ኣለኩም ። ንዓኹም ንምሕጋዝ ንሕና “Die Insel Hilft e.V.” (“ዲ ኢንዝል ሂልፍት ኤ.ፋው.”) ድልዋት ኢና ። ኣብ እዋን ሰዓታት ናይ ስራሕና መጺኹም ምሳና ዝርርብ ግበሩ ። (ናባና ተወከሱ !)

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት / ጥራዝ ንሰባት ኣብ ሃምቡርግ ገዛ ንኽረክቡ ብዝተኸአለ መጠን ንብዙሓት ሰባት ንምሕጋዝ ዝተዳለወ እዩ ። ስለዝኾነ እዉን ክባዛሕ ይኽእል እዩ ።

ትሕዝቶ / Inhalt ፦ Gesa Alexander, Katrin Heine, Twyla Michnevich, Dawid Noch, Milan Röhricht
ንድፊ / Design ፦ Morten Bredehöft
ናይቲ ማሕበር ኣርማ / Logo ፦ Katinka Krieger, kriegerart.com

ሓድሽ ገዛ ንክትረክቡ ጽቡቕ ዕድል እናተመነና !
እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት / ጥራዝ ንኩላትኩም ንክባጻሕ ብሙሉእ ዓቅምናን ፍልጠትናን ኣዳሊናዮ ኣለና ። ኮይኑ ግና ሓበሬታት ምስ ግዜ ስለዝቀያየሩ ጥርጣሬ ተሃልዩኩም ተዛመድቲ ድህረ ገጽታት (web links) ተጠቂምኩም ንኽተረጋግጹ ክንሕብረኩም ንፎቱ ።

***[Ende S. 2]***

# ትሕዝቶ

## ምድላው

1. ገዛ ንምርኣይ ኣብ ዘለና ቆጸራ ኣገደስቲ ነገራት [4]

2. ናይቲ ገዛ ላዕላዋይ ኪራይ ዋጋን ስፍሓት መጠን [5]

3. ኣተሓሕዛ ሰነድ ገዛ ንምድላይ [6]

4. ናይ ሹፋ (SCHUFA) ሓበሬታ ቅጺ [8]

## ገዛ ምድላይ

5. ዲያግራም ፦ ገዛ / ክፍሊ ከመይን ኣበይን ምድላይ ይከኣል [9]

6. ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን (Genossenschaften) ናይ ገዛ ትካላት ማሕበር [10]

7. ናይ ሃምቡርግ ሕብረት ስራሕ መሕበራትን መንበሪ ገዛውትን [11-16]

8. ናይ SAGA ክራይ መመልከቲ ቅጺ [17]

9. ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs / Wohngemeinschaften) [18]

10. ቮንብሩክ (Wohnbrücke) – ማሕበር ሓገዝቲ ገዛ ንምድላይ [19]

11. ናይ ገዛውቲ ወኪላት / ደለልቲ (Immobilienmakler) [20]

## ሓገዝ / ድጋፍ

12. ናይ ተኻረይቲ ማሕበራት [21]

13. ማህደረ ቃላት [24]

14. ናይ Die Insel Hilft e.V. ኣድራሻ [25]

*[Ende S. 3]*

# ምድላው – ገዛ ንምርኣይ ኣብ ዘለና ቆጸራ ኣገደስቲ ነገራት

## 1. ገዛ ንምርኣይ ኣብ ዘለና ቆጸራ ክንሕዞም ዝግባእ ዝርዝር ሰነድ

**ግድን ክንሕዞም ዝግባእ ፦**

- ናይ ታሴራ / መንነት ኮፒ
- ናይ ወርሓዊ እቶት ኮፒ (ካብ ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ወርሓዊ ደሞዝ ንረኽቦ ኣታዊ)
- ኮፒ ናይ Dringlichkeitsbestätigung (= ብሕጹጽ ገዛ ንክወሃበና ዝገልጽ ናይ ደገፍ ወረቐት)
- ኮፒ ናይ SCHUFA-Auskunft (ሹፋ ኣውስኩንፍት) (= ልቃሕ ክንረክብ ክምንኽእል ዝገልጽ ወረቐት)

**ተወሳኪ እንተትህልወና ዝምረጽ ፦**

- ዝተመለአ ናይ መመልካቲ ፎርም (Mietinteressen-Fragebogen)
- ናይ ቋንቋ ጀርመን ወረቐት ምስክር ኮፒ
- ካብ ዝንነብሩሉ ቦታ (“Camp” ከምፕ) ናይ ደገፍ ደብዳቤ

*[Ende S. 4]*

## 2. ላዕለዋይ መጠን ክፍሊት ገዛ ክራይን ስፍሓት ገዛን ማሕበራዊ ጥቕምታትን

ኣብ ታሕቲ ኣብ ዝሎ ሰንጠረዥ በዝሒ ስድራ ቤትናን ዝፍቀድልና ናይ ገዛ ስፍሓት ተገሊጹ ኣሎ ። ከሙእውን በቲ መጠን ገዛ ኪራይ (Brutto-kalt-miete ብሩቶ-ካልት-ሚተ) ተመጣጣኒ ዝኾነ ናይ ገዛ ክፍሊት ኣሎ ። ብሩቶካልትሚተ (= Bruttokaltmiete) ፦ ናይቲ ገዛ ክራይን (= Nettokaltmiete ነቶ-ካልት-ሚተ) ክፍሊት ኣገልግሎት (= Betriebskosten ብትሪብስ-ኮስትን) እንትኽውን ድማ ወርሓዊ ንማይ ፣ ንገዛ መውዓይን ንክዓሎት ወጻኢ ዝከፈል ማለት እዩ ።

| Haushaltsgrösse / በዝሒ ስድራ | I. Bruttokaltmiete regulär / ስሩዕ ወርሓዊ ገዛ ክራይ | II. Bruttokaltmiete +15% / ወርሓዊ ገዛ ክራይ +15% | III. Bruttokaltmiete +30% / ወርሃዊ ገዛ ክራይ +30% | Grösse der Wohnung / መጠን ገዛ ስፍሐት |
|---|---|---|---|---|
| 1 ሰብ | 463,50 € | 533,03 € | 602,55 € | 50 m² |
| 2 ሰብ | 556,20 € | 639,63 € | 723,06 € | 60 m² |
| 3 ሰብ | 681,75 € | 784,01 € | 886,28 € | 75 m² |
| 4 ሰብ | 772,65 € | 888,55 € | 1004,45 € | 85 m² |
| 5 ሰብ | 987,46 € | 1135,58 € | 1283,70 € | 97 m² |
| 6 ሰብ | 1109,62 € | 1276,06 € | 1442,51 € | 109 m² |
| Für jede weitere Person / ንሕድሕድ ተወሳኺ ሰብ | + 122,16 € | | | |

**I. ስሩዕ ወርሓዊ ገዛ ክራይ (= Bruttokaltmiete regulär)**

ንኩሎኹም ናይ ሃምቡርግ ነበርቲ ይፍቀድ ። ኣብ ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (= Jobcenter/Sozialamt)ን ተቐባልነት ኣለዎ ።

**II. ወርሓዊ ገዛ ክራይ +15% (= Bruttokaltmiete +15%)**

ኣብ ናይ ስደተኛ መንበሪ ገዛውቲ ዝነብር ሰብ ገዛ ከምዘይብሉ ይቖጸር ። ስለዝኾነ ድማ ካብቲ ስሩዕ ላዕላዋይ ወርሓዊ ተመን ተወሳኺ ክሳብ 15% ካብ ናይ ገዛ መድሕን ይረክብ ።

**III. ወርሓዊ ገዛ ክራይ +30% (= Bruttokaltmiete +30%)**

ሓደ ሰብ ንተኸታታሊ 6 ኣዋርሕ ገዛ ደሊዩ እንድህር ዘይረከበ ካብቲ ስሩዕ ላዕላዋይ ወርሓዊ ተመን ተወሳኺ ክሳብ 30% ይፍቀደሉ ። ገዛ ደሊዩ ከምዘይረከበ ግና መረዳእታ ከቕርብ ኣለዎ. እንተወሓደ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ ከም ዝፈተነ መረጋገጺ ከቕርብ ኣለዎ ።

- ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ዕድመ ወረቐት ካብ መካረይ ወይ ገዛ ካብ ዘመሓዳዱሩ
- ገዛ ዘመልከትናሎም መረዳእታ ንኣብነት ኣብ SAGA GWGን, ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ካልኦት ብቴሌፎን ወይ ብኣካል ዝገበርናዮ ጻዕሪ
- ናይ ጽሑፍ መረዳእታ ናይቲ መካረይ ኣድራሻ
- መረድእታ ናይቲ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ዕላዊ ዝኾነሉ

ናይ ገዛ ኪራይ መድለይ መዝገብ ንምጥቃም እንኺዕ ደሓን መጻኹም (ገጽ 6-7 ርኣይዎ)

**Quelle / ምንጪ** ፦ Fachanweisung zu § 22 SGB II / ናይ ስራሕ መምርሒ ንኣንቀጽ 22 SGB II (SGB = Sozialgesetzbuch - ናይ ማሕበራዊ መተሓዳደሪ ሕገ ደንቢ) ፣ ኣብ ዌብ-ሳይት (website)
http://www.hamburg.de/basfi/fa-sgbii-kap03-22/4269084/fa-sgbii-22-kdu/
http://www.hamburg.de/basfi/ah-sgbii-kap03-22/8006916/ah-sgbii-22-sgbxii-35/
**Stand / ዕላዊ ዝኾነሉ ዕለት** ፦ 19.01.2017

*[Ende S. 5]*

## 3. ገዛ ከምንደልይ መረጋገጺ ኣታሓሕዛ መዝገብ

ገዛ ንምድላይ ዝገበርናዮ ጻዕሪ ብትክክል መዝገብ ክንሕዝ ይግባእ ። እዚውን ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ ክንፍትን ኣለና ። ብቴሌፎን ወይከኣኒ ብኣካል ክኾውን ይኽእል ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣብነት እውን ንጥቀም ።

Sehr geehrte Damen und Herren,
hiermit beantrage ich die Übernahme der Kosten für Unterkunft und Heizung für die vorgelegte Wohnung. Gemäß der Fachanweisung zu § 22 SGB II, Punkt 3.1.2. habe ich die sechs Monate andauernde, vergebliche Wohnungssuche dokumentiert (siehe Anhang), woraus sich die über dem Höchstwert liegende Miete ergibt. Ich bitte Sie um die Erstellung einer Mietübernahmeerklärung

Mit freundlichen Grüßen,..............................................

### ብቴሌፎንን ብኣካል ተረኺብና ዝገበርናዮ ዘተ ፦

| Wohnungsunternehmen<br>ሽም ትካል ናይቲ ገዛ መካረይ | Geschäftsstelle<br>ናይቲ ጨንፈር ኣድራሻ | Datum<br>ዕለት | Uhrzeit<br>ሰዓት | Mit wem gesprochen?<br>ምስመን ከምትዘራራብና ? | Ergebnis / Zweck des Anrufs und / oder Besuchs?<br>ብቴሌፎን ወይከኣኒ ብኣካል ዝተረኸብና ምኻና መረጋገጺ ? |
|---|---|---|---|---|---|
| ኣብነት / Beispiel<br>SAGA GWG | Geschäftsstelle Wilhelmsburg, Krieterstraße 18, 21109 Hamburg | 02.09.2016 | 10:00 | Fr. Müller | Ich habe nach einem Wohnungsangebot gefragt; kein neues Angebot bekommen. |
| | | | | | |
| | | | | | |
| | | | | | |

***[Ende S. 6]***

# 3. ገዛ ከምንደልይ መረጋገጺ ኣታሓሕዛ መዝገብ

### ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ

| Wohnungsunternehmen<br>ሽም ትካል ናይቲ ገዛ መካረይ | Ansprechpartner_in<br>ናይቲ ትካል ተወካላይ/ሊት | Datum<br>ዕለት | Uhrzeit<br>ሰዓት | Ergebnis<br>ውጽኢት |
|---|---|---|---|---|
| ኣብነት / Beispiel<br>Erlerring 1,<br>21109 Hamburg | Fr. Müller | 02.09.2016 | 10:00 Uhr | ምንጻግ<br>Absage |
| | | | | |

***[Ende S. 7]***

# 4. ናይ ሹፋ (SCHUFA) ሓበሬታ ቅጺ

Nächste Seite: Formular SCHUFA-Auskunft
Keine Übersetzung!

***[Ende S. 8]***

## 5. ከመይን ኣበይን ገዛ ክንደሊ ንኽእል ?

| | |
|---|---|
| WWW | **ኣብ ኢንተርኔት ንገዛ ምድላይ (auf Immobilien-Portalen im Internet) :-**<br>ንኣብነት :- Immobilienscout24.de, immonet.de, immowelt.de, immobilienmarkt.de |

| | |
|---|---|
| WWW | **ኣብ ኢንተርኔት ውልቀ ሰባት ኣካረይቲ (auf Portalen für die Vermietung durch Privatpersonen im Internet) :-**<br>ንኣብነት :- ebay-kleinanzeigen.de, wohnungsboerse.det |

| | |
|---|---|
| | **ንስደተኛታት ንምሕጋዝ ኢሎም ብፍሉይ ኣቕርቦት ዝገብሩ (mit Hilfe von speziellen Angeboten für geflüchtete Menschen) :-**<br>ንኣብነት :- wohnbrücke.de, fluechtlinge-willkommen.de |

| | |
|---|---|
| | **ኣብ ሓደ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ብምምዝጋብ (durch die Anmeldung bei einer Genossenschaft) :-**<br>ገጽ 10 ርአይዎ / ተወከሱ (Siehe Seite 10) |

| | |
|---|---|
| WWW | **ኣብ ትካላት መንበሪ ገዛውቲ (bei Wohnungsunternehmen) :-**<br>ንኣብነት :- saga.hamburg, vonovia.de |

| | |
|---|---|
| | **ምስ ካልእ ሰብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ ንምድላይ (auf WG-Portalen) :-**<br>ንኣብነት :-  wg-gesucht.de, wg-suche.de, studenten-wg.de, wohngemeinschaft.de, wghamburg.net |

| | |
|---|---|
| | **ብንብረት ተወካላይ/ሊት ወይ ሓጋዛይ/ዚት (mit Hilfe eines_r Immobilienmarkler_in) :-**<br>ገጽ 20 ርአይዎ / ተወከሱ  (Siehe Seite 20) |

ሓበሬታትን ኣብ ኢንተርኔት ዝርከቡ ኣድራሻታት ምርጫታት እዮም ።
**ብዙሓት ኣማራጽታት ድማ ኣለው ።**

***[Ende S. 9]***

# 6. ናይ ሕብራት ስራሕ ማሕበርን ናይ ትካላት ገዛውቲ

**ናይ ሕብራት ስራሕ ማሕበር ገዛውቲ ኣካረይቲ**
ኣብ ናይ ሕብራት ስራሕ ማሕበራት ገዛዉቲ ንምክራይ ሓደ ሰብ ናይቲ ማሕበር ናይ ኣባልነት ብጽሒት (~ Anteil ኣንታይል) ካብቲ ማሕበር ክገዝእ ኣለዎ ። ግና ናይቲ ብጽሒት ሒሳብ ካብ ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ብልቓሕ መልክዕ ክርከብ ይከኣል እዩ ። ወርሓዊ ድማ ካብቲ ንረኽቦ ደሞዝ / እቶት 10% ንጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ንመልስ ።

እቲ ልቓሕ (= Darlehen ዳርሌሄን) ዝርከብ ነቲ ናይ ገዛ ኪራይ ውዕል ብጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) አፍልጦን ተቐባልነትን ምስረኸበ እዩ ። ድሕር ጊዜ በቲ ውዕል መሰረት ነቲ ገዛ እንድሕር ገዲፍናዮ ዝከፈልናዮ ገንዘብ ናብ ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ተመላሲ ይኸውን ። ብኦም ኣቢሉ ድማ እቲ ብጺሕትና ይምለሰልና ። እቲ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር እንድሕር መክሰብ ረኺቡ በብዓመቱ ዝተወሰኑ ገንዘብ ይበጽሔና ።

ዝተውሰኑ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንዝተፈለየ መሰል ዘለዎም ሳባት (እቶቶም ውሑድ ዝኾነ) ኢሎም ዝተወሰኑ ገዛውቲ የዳልዩ እዮም ። እቲ ወረቐት ድማ Wohnberechtigungsschein (ዎህን-ብረኽቲጉንግስ-ሻይን = መንበሪ ገዛውቲ ንክህልወና ዝተፈለይ መሰል ዝግለጽ) ይብሃል ።

ኣብ ዝቕጽል ገጽታት ኩሎም ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ዝርከቡ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ገዛውቲ ትካላት አድራሻ ፣ ናይ ስራሕ ሰዓት ፣ ከምእውን ብኸመይ ክንምዝገብ ከምንኽል ተገሊጹ ኣለው ። ነዚ ሓበሬታ  ንክትጥቀሙሉ ክንውከሰኩም ንፎቱ ።
ናይ SAGA መመዝገቢ ቅጺ (= Anmeldebogen) ኣብ ገጽ 17 ይርከብ!

**ናይ ትካላት ገዛውቲ** :- ማለት ንንግዲ ተባሂሎም ዝተመስረቱ ናይ ገዛ ትካላት እዮም ። ከም ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ ብጽህት ናይቲ ማሕበር ምግዛእ እንተይኮነስ ትሕጃ (= Kaution ካው'ትስዮን) ክፍሊት እዩ ዝከፈል ። እቲ ዘዓበየ ክፍሊት ድማ ሰልስተ ዕጽፊ ናይቲ ክራይ ገዛ (= Nettokaltmiete ነቶ-ካልት-ሚተ) ይኸውን ። ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ድማ ይኸፍሉዎ እዮም ። ግና ቅድሚ እቲ ውዕል ምእታውና ክነሪኦም ይግባእ ።

ክልተ ኣብ ሃምቡርግ ዝርከቡ ዓበይቲ ናይ ገዛ ትካላት SAGAን Vonoviaን እዮም ።

***[Ende S. 10]***

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 1/6

| Genossenschaft<br>ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር | Anmeldung<br>ምምዝጋብ | Updates Wohnungsangebote<br>እዋናዊ ንክራይ ዝቐረቡ ገዛውቲ |
|---|---|---|
| **Allgemeine Deutsche Schiffszimmerer Genossenschaft eG**<br>Fuhlsbüttler Straße 672<br>22337 Hamburg<br>Tel.: 040 638000 | Nur persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ ፦<br>Mo. - Mi.: 07.30 - 16.30<br>Do.: 07.30 - 18.00<br>Fr.: 07.30 - 12.00 | Werden per Post zugeschickt.<br>ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጽ ተቀሚጠን ይርኸባ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

| | | |
|---|---|---|
| **Altonaer Spar- und Bauverein eG** | Online oder persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኢንተርኔትን በኣካል ድማ ኣብ ስራሕ ሰዓት ፦<br>Mo. – Mi.: 07.30 - 16.30<br>Do.: 07.30 - 18.00<br>Fr.: 07.30 - 12.00 | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft Dennerstraße-Selbsthilfe eG**<br>Hufnerstraße 28<br>22083 Hamburg<br>Tel.: 040 2020030 | Nur persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ ፦<br>Mi.: 09.00 - 12.00 / 13.00 - 18.00 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft der Buchdrucker eG**<br>Steilshooper Straße 94<br>22305 Hamburg<br>Tel.: 040 6970810 | Fragebogen ausfüllen als Anmeldung, entweder online oder persönlich in der Sprechstunde:<br>ነቲ መመልከቲ ፎርም ምስመላዕና ብኢንተርኔት ኮነ ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ነመልከት ፦<br>Mo., Mi. & Do.: 09.00 - 16.00<br>Di.: 09.00 - 17.00 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft dhu eG**<br>Buchsbaumweg 10a<br>22299 Hamburg-Winterhude<br>Tel.: 040 5149430 | Bewerbung per Telefon auf eine spezifische Wohnung, welche online unter “Mietangebote” aufgelistet wird<br>ብቴሌፎን የመልከቱ ፤ ዝካረዩ ገዛውቲ ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ትሕቲ “Mietangebote” ይርከብ ። | Per Rückruf bzw. direkte Vereinbarung eines Besichtigungstermins<br>ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ብቴሌፎን ውይድማ ብኣካል ምቁጻር ይከኣል እዩ ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft Finkenwerder-Hoffnung eG**<br>Uhlenhoffweg 1a<br>21129 Hamburg<br>Tel.: 040 31186600 | Bewerbung per Telefon auf eine spezifische Wohnung, welche online unter “Vermietung Wohnungsangebote” aufgelistet wird<br>ብቴሌፎን የመልከቱ ፤ ዝካረዩ ገዛውቲ ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ትሕቲ “Vermietung Wohnungsangebote” ይርከብ ። | |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ሓደ ናይ መመልከቲ ገጽ ኣብ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ክምላዕ ይግባዕ ።

***[Ende S. 11]***

**Ende der Bearbeitung am Samstag, 11.08.2018**

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 2/6

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft FLUWOG-NORDMARK eG**<br>Wiesendamm 9<br>22305 Hamburg-Barmbek<br>Tel.: 040 5310910 | Online oder persönlich in der Sprechstunde:<br>ብእንተርኔትን ብኣካል ድማ ኣብ ስራሕ ሰዓት<br>Di. & Do.: 08.00 - 18.00 | ኩሉ ነገር ዝርከብ ብኢ-ሜይል እዩ ። ኣብ መጀመርታ ን6 ኣዋርሕ ከምተመዝገብና ምላሽ ንረክብ ። ንካልኣይ ጊዜ ድማ ን6 ኣዋርሕ ዘለዎ ዝካረዩ ገዛውቲ ዝርዝር ይብጻሑና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ክልተ መመልከቲ (ሓደ ምስ Wohnberechtigungsschein ፍቓድ / ሓደ ብዘይ ፍቓድ) ክምላዕ ኣለዎ ።
[Wohnberechtigungsschein (ዎህን-ብረኽቲጉንግስ-ሻይን) = መንበሪ ገዛውቲ ንክህልወና ዝተፈለይ መሰል ዝግለጽ]
በብ 6 ወርሒ ድም ብቴሌፎን ኣቢልና ነቲ ምምዝጋብ ነሔድሶ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft freier Gewerkschafter eG** (BGFG)<br>Willy-Brandt-Straße 67<br>20457 Hamburg<br>Tel.: 040 2111000 | Online oder persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኢንተርኔትን ብኣካል ድማ ኣብ ስራሕ ሰዓት<br>Mo. - Do.: 09.00 - 17.00 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft Fuhlsbüttel eG**<br>Sengelmannstraße 185<br>22335 Hamburg<br>Tel.: 040 595333 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ሓደ ጥራይ ንደለዮ ነመልክት ። ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራውን ኣቡ ይርከብ ። ብድሌት እውን ቆጸራ ምግባርውን ይከዓል ። | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ድሕር ምምልካትና ብቆጸራ ኣብ ቢሮ ቃለ መሕተቲ ንገብር ። ክልተ ኮፒ ናይ ታሴራ / ፓስፖርትን ናይ መወዳእታ 3 ኣዋርሕ ደሞዝ / እቶትና ዝገልጽ ወረቐት ሒዝና ንርከብ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft Hamburger Wohnen eG**<br>Försterweg 46<br>22525 Hamburg<br>Tel.: 040 5400060 | Nur persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኣካል ኣብ ስራሕ ስዓት ጥራይ<br>Di.: 8.00 - 18.00<br>Mi. & Do.: 8.00 - 16.30 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ዓበይቲ ናይ ገዛ እንስሳታት ክሕልወና ኣይምረጽን ። SCHUFA-Auskunft (ናይ ሹፋ ሓበሬታ ቅጺ) ግድን ኣውንታዊ ክኾውን ኣለዎ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Baugenossenschaft KOLPING eG**<br>Eulenkamp 18<br>22049 Hamburg<br>Tel.: 040 689486040 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ "Freie Wohnung" ሓደ ጥራይ ንደለዮ መሪጽና ነመልክት ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Bauverein der Elbgemeinden eG**<br>Heidrehmen 1<br>22589 Hamburg<br>Tel.: 040 244220 | Online oder persönlich in der Sprechstunde:<br>ብኢንተርኔትን ብኣካል ድማ ኣብ ስራሕ ሰዓት<br>Mo. - Mi.: 8.00 - 15.00<br>Do.: 10.00 - 18-00 | Werden per Post zugeschickt.<br>ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ክልተ መመልከቲ (ሓደ ምስ Wohnberechtigungsschein ፍቓድ / ሓደ ብዘይ ፍቓድ) ክምላዕ ኣለዎ ።
[Wohnberechtigungsschein (ዎህን-ብረኽቲጉንግስ-ሻይን) = መንበሪ ገዛውቲ ንክህልወና ዝተፈለይ መሰል ዝግለጽ]

***[Ende S. 12]***

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 3/6

| | | |
|---|---|---|
| **Bauverein Reiherstieg eG**<br>Georg-Wilhelm-Straße 127a<br>21107 Hamburg<br>Tel.: 040 7524890 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Wohnungsangebote” ንደለዮ መሪጽና ነመልከት ። | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ሓደ ናይ መመልከቲ ገጽ ኣብ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ምስ ሙሉዕ ኣድራሻና ክምላዕ ይግባዕ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Gartenstadt Hamburg eG**<br>Wohnungsgenossenschaft<br>Berner Allee 31 a<br>22159 Hamburg<br>Tel.: 040 6441060 | ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ<br>Mi.: 15.00 - 18.00 | Werden per Post zugeschickt.<br>ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጽ ተቀሚጠን ይርከባ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

| | | |
|---|---|---|
| **HARABAU Hamburg-Rahlstedter Baugenossenschaft eG**<br>Bargteheider Straße 99<br>22143 Hamburg<br>Tel.: 040 6736090 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Wohnungsangebote” ሓደ ንደለዮ ገዛ መሪጽና ነመልከት ። | ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ብቅጥታ ወይከኣ ብኢ-ሜይል ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ኣብ ALG II ወይከኣ Sozialhilfe ኮይንካ ኣብ ናይ ውልቀ ሰባት ወነንቲ ዝኮንዎ ገዛውቲ (ናይ ገንዘብ ድጋፍ ካብ መንግስቲ ዘይረኽቡ) ምምልካት ኣይክኣልን ።
[ሙሉዕ ትርጉም ናይቲ ምህጻረ ቃል ፦ ALG II = Arbeitslosengeld II (ኣርባይትስሎዝንገልድ ትስዋይ) = ክፍሊት ስራሕ ኣልቦ]

| | | |
|---|---|---|
| **Hamburger Lehrer-Baugenossen-schaft eG**<br>**Lokstedter Steindamm 74a**<br>22529 Hamburg<br>Tel.: 040 5600780 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Wohnungsangebote” ሓደ ንደለዮ ገዛ መሪጽና ነመልከት ። | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **HANSA Baugenossenschaft eG**<br>Lämmersieth 49<br>22305 Hamburg<br>Tel.: 040 69201110 | ብኢንተርኔትን ብኣካል ድማ ኣብ ስራሕ ሰዓት<br>Di.: 9.00 - 18.00<br>Do.: 9.00 - 12.00 | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
እቲ ምምዝጋብ ብ ኢንተርኔት እንድሕር ተካይዱ ፣ ድሕር 1-2 መዓልቲ ናይ ግድን ቴሌፎን ብምድዋል እቲ ዝሓብናዮ ሓበሬታ ክረጋገጽ ኣለዎ ። ተዘይኮይኑ እቲ ምዝገባ ዋጋ የብሉን ።

| | | |
|---|---|---|
| **Hanseatische Baugenossenschaft Hamburg eG**<br>Lämmersieth 9<br>22305 Hamburg<br>Tel.: 040 299090 | ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ትሕቲ “Interssentenbogen” ቅጽ ምምላእ ! | Werden nur per Post zugeschickt.<br>ብፖስታ ጥራይ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጽ ተቀሚጠን ይርከባ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

*[Ende S. 13]*

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 4/6

| | | |
|---|---|---|
| **mgf Gartenstadt Farmsen Mieter- und Wohnungsbaugenossenschaft eG**<br>Bramfelder Weg 35<br>22159 Hamburg<br>Tel.: 040 6455720 | ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ<br>Di.: 9.30 - 12.00<br>Do.: 14.30 - 19.30 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Mietergenossenschaft Falkenried-Terrassen eG**<br>Falkenried 34g<br>20251 Hamburg<br>Tel.: 040 4205421 | ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ<br>Mo., Mi. & Fr.: 10.00 - 12.00<br>Mi.: 18.00-19.00 | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Vereinigte Hamburger Wohnungsbaugenossenschaft eG**<br>Hohenfelder Allee 2<br>22087 Hamburg<br>Tel.: 040 2515120 | ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ትሕቲ<br>“Interessentenbogen” ቅጽ ምምላእ ! | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

***ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦***
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጺ ተገሊጹ ይርኸብ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

| | | |
|---|---|---|
| **Walddörfer Wohnungsbaugenossenschaft eG**<br>Volksdorfer Damm 188<br>22344 Hamburg<br>Tel.: 040 6044760 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Freie Wohnung” ሓደ ጥራይ ገዛ መሪጽና ነመልከት ።<br>ኣቡኡ ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ መዓልቲ ኣሎ ። ሽዑ መመልከቲ ቅጽ መሊዒና ምምልካት ይከኣል እዩ ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsbaugenossenschaft "Süderelbe" eG**<br>Kleinfeld 86<br>21149 Hamburg<br>Tel.: 040 7020520 | Nur persönlich in der Sprechstunde.<br>ብኣካል ኣብ ስራሕ ሰዓት ጥራይ<br>Mo. - Do.: 09:00 - 12:00<br>Mo. & Di.: 14:00 - 16:00<br>Do.: 14.00 - 18.00 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

***ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦***
ድሌትና በብ 3 ወርሒ ግድን ክንፍልጥ ይግባእ ። ብቴሌፎን ተትኸውን ይምረጽ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsbaugenossenschaft Gartenstadt Wandsbek eG**<br>Gartenstadtweg 81<br>22049 Hamburg<br>Tel.: 040 6969590 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Wohnungen > freie Wohnungen” ንደለዮ መሪጽና ነመልከት ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsbaugenossenschaft Gartenstadt Wandsbek eG**<br>Gartenstadtweg 81<br>22049 Hamburg<br>Tel.: 040 6969590 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Wohnungen > freie Wohnungen” ንደለዮ መሪጽና ነመልከት ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

***[Ende S. 14]***

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 5/6

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsbaugenossenschaft KAIFU-NORDLAND eG**<br>Sophienallee 33<br>20257 Hamburg<br>Tel.: 040 4317020 | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Vermietung > Wohnungsangebote” ንደለዮ መሪጽና ነመልከት ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsgenossenschaft Hamburg-Wandsbek von 1897 eG**<br>Gladowstraße 20<br>22041 Hamburg<br>Tel.: 040 6828770 | ብኣካል ኣብ ስራሕ ስዓት ጥራይ<br>Mo.: 07:30 - 12:00 / 13.00 - 18.00<br>Di. - Do.: 07.30 - 12.00 / 13:00 - 16:00<br>Fr.: 07.30 - 12.00 | Werden per E-mail zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ :-**
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጺ ተገሊጹ ይርኸብ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsgenossenschaft von 1904 e.G.**<br>Landwehr 34<br>22087 Hamburg<br>Tel.: 040 4230080 | ብኣካል ኣብ ስራሕ ስዓት ጥራይ<br>Mo. - Do.: 08.00 - 17.00<br>Fr.: 08.00-12.00 | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

| | | |
|---|---|---|
| **Wohnungsverein Hamburg von 1902 eG**<br>Angerstraße 3<br>22087 Hamburg<br>Tel.: 040 2519270 | ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ትሕቲ “Interssentenbogen” ቅጽ ምምላእ ! | Werden per Post zugeschickt.<br>ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ :-**
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጽ ተቀሚጠን ይርኸባ ። (ኣብቲ መመልከቲ ሰነድ ብሓንሳብ ኣሎ ።)

***[Ende S. 15]***

# 7. ኣብ ሃምቡርግ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገዛውቲ / ገጽ 6/6

| | | |
|---|---|---|
| SAGA Unternehmensgruppe<br>Poppenhusenstraße 2<br>22305 Hamburg<br>Tel.: 040 42666 0<br>kontakt@saga.hamburg<br>https://www.saga.hamburg | ብኢንተርኔት ፣ ብቴሌፎን ወይከኣኒ ኣብ ስራሕ ሰዓት ተረኺብና ነመልክት ። (ኮይኑ ግና እቲ ናይ ስራሕ ሰዓት ዝተፈላለየ ስለዝኮነ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ርኣይዎ ።)<br><br>ነቲ ኣብ ቀጻላይ ገጽ ዘሎ ቅጺ ብምምላእ ንዝደለናዮ ገዛ ክነመልክት ንክዕል ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ። |

**ተወሳኺ ሓበሬታ / ርዕይቶ / ታዕሊቕ ፦**
ነቲ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ቢሮ እቲ ናይ ስራሕ ሰዓት ኣብ ኢንተርኔት ንክትሪእዎ ንላቦ ።
ብነጻን ብመንግስቲ ድጋፍ ዝግበረለን ገዛውቲ ብግልጺ ተገሊጹ ይርኸብ ።
ኮፒ ናይ “Wohnberechtigungsschein” ኣብ እዋን ምዝገባ ሒዝና ክንርከብ ይግባእ ።

| | | |
|---|---|---|
| **Vonovia**<br>Mittelstraße 10C<br>22851 Norderstedt<br>Tel.: 0234 414 700 000 (Deutsch, Englisch und Türkisch)<br>0234 414 700 017 (Arabisch)<br>https://www.vonovia.de/ | ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዝርከብ ዝርዝር ገዛውቲ ኣብ ትሕቲ “Zuhause finden > Hamburg” (ንኣብነት) ንደለዮ መሪጽና ነመልክት ።<br><br>**ዝተመረጸ ፦** ኣብ ምጀመርታ ሰሙን ሕድሕድ ወርሒ ብቴሌፎን ሓደሽቲ ገዛዉቲ ምሕታት ይምረጽ ። | Werden per E-mail / Post zugeschickt.<br>ብኢ-ሜይል / ብፖስታ ኣቢሉ ይመጸና ።<br><br>ምስቲ ድሌትኩም ዝሰማማዕ ገዛዉቲ ክህልው እንከሎ ብቴሌፎን ትሕበሩ ። |

*[Ende S. 16]*

*Letzte Bearbeitung von Yonas / Martin endet auf Seite 16 unten (Stand: 12.08.2018)*

# 8. ናይ SAGA ክራይ መመልከቲ ቅጺ

*[Seite 17 existiert nicht]*

# 9. ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs / Wohngemeinschaften)

**ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs)** ማለት ዝተፈላለዩ ብዙሓት ሰባት (መብዛሕቱ ጊዜ ናይ ስጋ ዝምድና የብሎምን) ብሓባር ዝነብሩሉ ገዛውቲ ማለት እዩ ። ኩሉ ነናቱ ክፍሊ / መደቀሲ እንክሕልዎም ከም ክሽነ ፣ ሽንት ቤትን ሻወርን ብሓባር ይጥቀሙ ። ኣብ ጀርመን መብዛሕቲኦም መናዕስይን ተምሓሮን ኣብ ከምዚ ዓይነት ገዛውቲ ይነብሩ ። ዝተወሰኑ ዓበይቲ ሰባት እውን ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ ይነብሩ እዮም ። መብዛሕቲዕም ድማ ሓልሓሊፉ ሓቢሮም ምግቢ ብምስራሕን ኣብ መዓልታዊ ናይ ናብራ ጉዕዞ ብምትሕግጋዝን ጽቡቕ ምሕዝነታዊ ርክብ ይምስርቱ ።
ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ ቁም ነገር ወይካኣኒ ጥቕሚ (“Zweck-WG”) ነቲ ናይ ገዛ ክራይ ወጻኢ ሑሱር ንምግባር እዩ ። ካቡዑ ወጻኢ ግን ሓደ ካብ ሓደ ከይተጸበየ ብነብሱ ይሓድር ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ገዛዉቲ ንምንባር እንድሕር ደሊየት ሓሊውና ፣ ኣብ ኢንተርኔት ኣብ ዝተፈላለዩ ድሕረ ገጽታታ (Webseiten / websites) ክነመልከት ንክዕል ኢና ። ከም መማረጺ ድም ልዕሊ ሓድ መደቀሲ ክፍሊ ዘለዎ ብምክራይ ናይ ብዓልና ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs) ምስ ንደልዮ ሰብ ምምስራት ይከኣል እዩ ።

ብፍላይ ንስደተኛ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs) ኣብ ታሕቲ ፦ www.fluechtlinge-willkommen.de. ይርከብ ። ካልኦት ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs) ድማ www.wg-gesucht.de ፣ www.studenten-wg.de ፣ www.wohngemeinschaft.de እዮም ።

ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs) ክንመልከት እንተለና ብዝዓባ ነብስና ሕጽር ዝበለ ጽሑፍ (ብዝዓባ ስራሕና ፣ ድልየትና ፣ ትርፊ ግዜና ኣብይን ከመይን ከምነሕልፎ ፣ ትልምታትናን ናይ ምግቢ ዓይነት ድልየትና (ሃላል ? ናይ ጾም (ቮጋን) ምግቢ ጥራይ ? ኩሉ ምግቢ ብዘይ ስጋ ?) ክንጽሕፍ ይግባእ ። እዚውን ምስቶም ዘካሩዩና ሰባት ብቐሊሉ ክንፋልጥ ይሕግዘና ።

ከም ኣብነትውን እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WGs) ክነመልከት እንከለና ክንጥቀመሉ ንኽእል ። ብጀርመንኛ ኾነ ብእንግሊዝኛ ክንመልከት ንክእል ።

*Hallo, ich heiße__________. Ich würde mich gerne auf das WG Zimmer bewerben. Ich könnte frühestens am ________einziehen.*
*Ich komme aus_und lebe seit __________in Hamburg. Ich spreche_____________.*
*Ich bin ________Jahre alt. Mein Beruf/Meine Ausbildung ist ___________. Meine Hobbies sind___. Ich würde mich freuen, wenn ich für ein Kennenlernen vorbeikommen könnte. Viele Grüße*
______________________________

ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ ፦ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውቲ (WG) ክነብር ከለና ምስ መናብርትና መብዛሕቲዑ ግዜ ናይ ገንዘብ ጽግእተኘነት የብልናን ። እዚ ድማ ኣብ ናይ ጀርመን ማሕበራዊ ሕጊ “ዓባላት ማሕበር ናይ ሓደ ገዛ ድጋፍ ካብ መንግስቲ ዝደልዩ” (“Bedarfsgemeinschaft” ብዳርፍስግማይንሻፍት = community of members of a household in need of welfare support) ከምዝኾና ኣይቁጸርን ።
እዚ ድማ ኣዚዩ ጠቓማይ እዩ ። እንደሕር ካብ ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ገንዘብ-ኣልቦነት-ስራሕ-II (“Arbeitslosengeld II” = ALG II) ንረክብ ኮይና ።
ስለዝኾነ ዝበለጸ ገንዘብ ካብቶም ምስ መናብርቶም ተጣሚሮም ዝነብሩ ሰባት ንረክብ ።

**[Ende S. 18]**

## 10. ማሕበር ሓገዝቲ ገዛ ንምድላይ – Wohnbrücke (ዎህንብሩከ)

ትካል ምግባረ ሰናይ ሓጋዚ ገዛ ንምድላይ ኣብ ሃምቡርግ (Stiftung Wohnbrücke Hamburg) ስደተኛታት ገዛ ኣብ ምዕላሽ ብፍሉይ ዝሕግዙ ኣብ ሃምቡርግ ዝርከብ ማሕበር እዩ ።

ናይቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ኣካይዳ ፦ ሕድሕድ ስደተኛ ደለይቲ መንበሪ ገዛ ጀርመንኛ ዝዛረብ ሓጋዚ ሰብ (“Lotse” ሎትስ) ብምርካብ ነቲ ስደተኛ ምሕጋዝ እዩ ፤ እዚ ሓጋዚ ድማ ገዛ ምስረኽብናውን ንነዊሕ ግዜ ቀጻላይ እዩ ። ነቲ ሓገዝ ንምርካብ መጀመርታ ኣብቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ንሕናን እቲ ሓጋዚ ሰብን ብሓንሳብ ክንምዝገብ ግድን እዩ ።

ሓደ ሰብ ሓጋዚ ንምኳን (“Wohnungslotse” ዎህኑንግስሎትስ) ንሰለስተ ሰዓት ዝኸዉን ናይ ሓጋዚ ስልጠና („Lotsenschulung“ ሎትስንሹሉንግ) ክንወስድ ይግባዕ ፤ ኣገደስቲ ነጥብታት ብዝዓባ ገዛ ምድላይን ናይ ክራይ ሕግን ፍልጠት ንክረክብ ።

እቲ ሓጋዚ ሰብ (“Wohnungslotse”) ነቲ ስደተኛ ኣብ እዋን ገዛ ምድላይን ናይ ክራይ ውዕሊ ኣብ ምዕሳርን ብድሕሪኡ ምስ ገዛ መካረይን ዘሎ ርክብ ሞንገኛ ኮይኑ ይቕጽል ። እቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ብተወሳኺ ኣብ ኣገደስቲ ነገራት ኣብቲ ስደተኛን ሓጋዚ ሰብን
ብምኽርን ብተግባር ዝተደገፈ ሓገዝ ይገብር ።

ድሕር ኣብቲ ሰናይ ምግባር ሓገዝቲ ገዛ ንምድላይ (Wohnbrücke) ምስትመዝገብና ምስ ሰራሕተኛ ናይቲ ማሕበር ዘሎ ኣሰራርሓን ፣ ተኽዕሎታትን ትጽብታትን ንዘራረብ ኢና ።
ገዛ ናይ ምርካብ ዕድልናውን ንኽሰፍሕ ግልጽን ቅንዑን ኮይና ክንቐርብ ኣለና ።

እቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ክሕግዘና ጻዕሪ ዝገብር በዓልና ንውንና ገዛ ክንረክብ ጥራይ እዩ ። ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛውትን (WG) ኣብ ትሕቲ ካልዕ ሰብ ኮይና ክንነብር ሓገዝ ኣይገብርን ።

እቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ከምቲ ንደልዮ ኣይነት ገዛ ምስረኽበ ንሕና ንርከበሉ ናይ ገዛ ምርዓይ ቆጸራን ተሰፋ ዘለዎ ናይ ክራይ ዉዕሊ የመዓራርይ ።

ንዝበለጸ ሓቤረታ ብዝዓባ እቲ ሰናይ ምግባር (Wohnbrücke) ኣብ ትሒቲ http://www.wohnbrücke.de ይርከብ ።

***[Ende S. 19]***

# 11. ናይ ገዛውቲ ወኪላት / ደለልቲ (Immobilienmakler)

ገዛ ንምድላይ ካብ ገዛውቲ ተወከልቲ / ደለልቲ (Immobilienmakler_innen) ሓገዝ ክርከብ ይክኣል እዩ ። ተኻራይ ወይ መካረይ ነቲ ደላላይ ሓላፊነት ክህቡዎ ይኽእሉ እዮም ። እቲ ውክልና ዝሃበ ድማ ነቲ ደላላይ መቐነን (Provision/ Courtage) ይኸፍል ። ብደላላይ ኣቢሎም ገዛ እንድሕር ደሊዮም እቲ ውዕሊ ብጽሑፍ ተኾነ ይመረጽ ። ኣብቲ ውዕሊ ድማ እቲ ናይ ደላላይ መቐነን ከምቲ ንደልዮ ገዛ ምስተረኸበ ሸው ይኸፈል ።

**ኣገዳሲ :-** እቲ ናይ ደላላይ መቐነን ክኸፈል ዝግብኦ ድሕሪ እቲ ናይ ገዛ ውዕል ምስተገበረ እዩ ፤ ቀዲሙ ክኸፈል ኣይግባኦን ። ካብ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ገዛ ክራይ ብተወሳኺ 19% ግብሪ (Mehrwertsteuer መር-ቨርት-ሽቶይር) ዘይበዝሕ ክኸውን ኣለዎ ።

ምናልባት ደለልቲ ገዛ ከይተረኸበ ቀዲሞም ክፍሊት ክሓቱ ይኽእሉ እዮም ። ክንጥንቀቅ ይግባእ ። ነዞም ጠቓምቲ ምኽርታት ክንርድኦም ይድልይ :-

- ኣብ ጀርመን ዝኾነ ሰብ ደላላይ („Makler“ ማክለር) ክኸውን ይኽእል እዩ ። ብዛዓባ ትምህርቲ እቶም ደለልቲ ምሕታት ጣቓሚ እዩ ። ከም „Immobilienkaufmann“ (ኢሞቢሊእን-ካውፍማን) / „Immobilienkauffrau“ (ኢሞቢሊእን-ካውፍፍራው) ወይ „Immobilienfachwirt“ (ኢሞቢሊእን-ፋኽዊርት) / „Immobilienfachwirtin“ (ኢሞቢሊእን-ፋኽዊርቲን) ናይ ሞያ ትምህርቲ ተማሂሮም ምኳኖም ። እዚ ማለት ናይ ደላላይ ሞያዊ ትምህርትን ፈተናን ከምዝወሰዱን ከምዝሓለፉን ንምፍላጥ እዩ ።
- ምስ ደላላይ ዝግበር ናይ ቃል ውዕል ቅቡል እዩ ። እንተኾነውን ናይ ጽሑፍ ስምምዕነት ይምረጽ ። ናይ ጽሑፍ ስምምዕነት እንተኾይኑ ግን ንመርትዖ ይጠቅም ። ኣብቲ ስምምዕነት እቲ ናይ ደላላይ መቐነንን መዓዝ ከምዝኸፈል ዝገልጽ እዩ ።
- ጥዑይ ደላላይ ትዕግስተኛን ዘይጨንቅን እዩ ። በቲ ስምምዕነት መሰረት ናይ ደላላይ መቐነን ካብ ዓማዊሉ ዝቕበል እዩ ። እቲ ናይ ደላላይ መቐነን ድሕሪ ናይ ገዛ ውዕል ምስተፈረመ ጥራይ እዩ ዝቕበል ።
- ደለልቲ ገንዘብ ክሓቱ ዝፍቀደሎም እቲ ናይ ገዛ ውዕል ምስተፈራረሙ ጥራይ እዩ ። ብልምዲ ናይ ትራንስፖርትን ናይ ገዛ ምርኣይ ቆጸራ ወጻኢታት ክሓቱ ኣይፍቀደሎምን ። ኣብቲ ውዕል ብግልጺ ክሳብ ዘይተጠቀሰ ።
- ደለልቲ እንድሕር ናይቲ ገዛ በዓልናይ (“Hausbesitzer”) ናይቲ ገዛ ኣመሓዳራይ (“Hausverwalter”) ወይ ኣላይ ገዛ (“Hausmeister”) እንተኾይኖም ገንዘብ ክሓቱ ኣይፍቀደሎምን ።
- ጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ናይ ደለልቲ መቐነን ኣይሽፍንን እዩ ፤ ዓማዊል ባዕሎም ግድን እዮም ዝከፍልዎ ።

*[Ende S. 20]*

# ሓገዝ / ደገፍ – Hilfestellung

## 12. ናይ ተኻረይቲ ማሕበራት ኣብ ሃምቡርግ (Mietervereine in Hamburg)

ኣብዚ ታሕቲ ተጠቂሰን ዘለዋ ማሕበራት ማሕበር ተኻረይቲ ገዛ ኣብ ሃምቦርግ እየን ። ማሕበር ተኻረይቲ ናይቲ ዓባላቶም ድልየት ይውክሉ ከምውን ነቲ ዓባላቶም ብዝዓባ ናይ ክራይ ሕጊ ሓበሬታ ይሕቡ ።
ምስ መካረይ ጐንጺ ክፍጥር ከሎ እቲ ማሕበር ጸቡቕ ናይ ምኽሪ ፍልፍል እዩ ። ናይ መመዝገብን ናይ ኣባልነት ክፍሊትን ብጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት (Jobcenter/Sozialamt) ኣብ ትሕቲ ውስን ኩነታት ክሽፈን ይኽእል እዩ ። ቅድሚ ምምዝጋብኩም ንጆብሴንተርን/ዞትስያልኣምት ክትሕብሩዎም ንላቦ ።
በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻና ወይ ብ ተሌፎን ክትውከሱና ትኽእሉ ።

### Mieterverein zu Hamburg von 1890 r.V.

Beim Strohhause 20
20097 Hamburg
(bei den U- und S-Bahnstationen Berliner Tor)
(ኣብ ጥቓ ፌርማታ U/S-Bahn Berliner Tor (በርሊነር ቶር))

**Kontakt / ኣድራሻ :-**
Tel. / ቴሌፎን :- 040 8 79 79 0
Fax / ፋክስ :- 040 8 79 79 110
E-Mail / ኢ-ሜይል :- info@mieterverein-hamburg.de
WWW :- www.mieterverein-hamburg.de
Mieter-Telefon / ተኻራይ-ቴሌፎን :- 040 8 79 79345

**Öffnungszeiten / ናይ ስራሕ ሰዓት :-**
Mo-Fr: ካብ 8.30 ክሳብ 18.00 ሰዓት
Sa: ካብ 10.00 ክሳብ 16.00 ሰዓት

> ኣባላት ዘይኾኑውን ቴሌፎን ብምድዋል ብዝዓባ ክራይ ፖሊሲታት ጥቓል ሓበሬታ ምርካብ ይክእሉ እዮም ።
> *Nicht-Mitglieder erhalten allgemeine Auskünfte zum Wohnen und Mieten.*
> *Non-members receive (only) general information on housing policies and renting apartments.*

**Anrufszeiten / ናይ ቴሌፎን ሰዓት :-**
Mo-Do: ካብ 10.00 ክሳብ 17.00 ሰዓት
Fr-Sa: ካብ 10.00 ክሳብ 14.00 ሰዓት

**Beiträge / ሰሩዕ ክፍሊታት :-**
75,00 € jährlicher Mitgliedsbeitrag / ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት
15,00 € Aufnahmegebühr / ናይ መመዝገቢ ክፍሊት

### Landesverband hamburgischer Mieterschutz e.V.

Schillerstraße 47-49
22767 Hamburg-Altona
(direkt am Bahnhof Altona)
(ኣብ ጥቓ መዕረፍ ባቡር ኣልቶና)

**Kontakt / ኣድራሻ :-**
Tel. / ቴሌፎን :- 040 39 53 15

Fax / ፋክስ ፦ 040 3 90 69 92
E-Mail / ኢ-ሜይል ፦ info@mieterschutz-hamburg.de
WWW ፦ www.mieterschutz-hamburg.de
**Öffnungszeiten / ናይ ስራሕ ሰዓት ፦**
Mo, Di, Mi:  ካብ 15.30 ክሳብ 19.00 ሰዓት
**Beiträge / ሰሩዕ ክፍሊታት ፦**
48,00 € jährlicher Mitgliedsbeitrag / ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት
8,00 € Aufnahmegebühr / ናይ መመዝገቢ ክፍሊት

## Interessenverband Mieterschutz e.V.

Fuhlsbüttler Str. 108
22305 Hamburg
(S-Bahn Barmbek)

**Kontakt / ኣድራሻ ፦**
Tel. / ቴሌፎን ፦ 040 690 74 73
Fax / ፋክስ ፦ 040 690 36 63
Email / ኢ-ሜይል ፦ hamburg@iv-mieterschutz.de
WWW ፦ www.iv-mieterschutz.de/
**Beiträge / ሰሩዕ ክፍሊታት ፦**
49,50 € jährlicher Mitgliedsbeitrag / ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት
65,45 € jährlich Mietrechtsschutzversicherung / ዓመታዊ መድሕን መሓለውታ ናይ ክራይ ሕጊ

## Mieter helfen Mietern – Hamburger Mieterverein e.V.

**Kontakt / ኣድራሻ ፦**
Beratungsstellen / ናይ ምኽሪ ቤሮታት ፦ www.mhmhamburg.de/ mhm-beratungsstellen.html
**Beiträge / ሰሩዕ ክፍሊታት ፦**
65 € Mitgliedsbeitrag / ናይ ኣባልነት ክፍሊት
29 € Prozesskostenversicherung / ክፍሊት መድሕን ንቤት ፍርዲ መሳለጢ
keine Aufnahmegebühr / መመዝገቢ ክፍሊት ብነጻ ።

*[Ende S. 21]*

## 13. ማህደረ ቃላት (Glossar)

**Antrag auf Bestätigung der Kostenübernahme (ኣንትራግ ኣውፍ ብሸተቲጉንግ ደር ኮስተን-ኡበርናመ)**

ወጻእታት ከምዝምለሰልና ወረጋገሲ መሕተቲ ።

**Arbeitslosengeld I (ኣርባይትስ-ሎሰን-ገልድ 1)**

*= Leistungen nach SGB III ተወከሰ ።*
ሽቕለት ኣልቦነት ቁጽሪ 1 :- እዚ ማለት ካብ ስራሕ ደው ዝበለ ሰብ ።

**Arbeitslosengeld II (ኣርባይትስ-ሎሰን-ገልድ 2)**

*= Leistungen nach SGB II ተወከሰ ።*
ሽቕለት ኣልቦነት ቁጽሪ II ።

**Ausstattung (ኣውስሽታቱንግ)**

ንብረት ገዛ ። ንኣብነት መስኮት ናይቲ ገዛ ከመይ'ዩ ናይ ባኞ ኣቑሑ ከምኡ ውን ናይ ክሽነ ንብረት ኣለዎ ድዩ ካልእን ። እዚ ዝጠቀስናዮ ንብረታት ወላ ናይ ዋና ገዛ ተኾነ : ጽቡቕ ወይ ዝበለጸ ተኾይኑ መብዛሕትኡ እቲ ክራይ ገዛ ኩቡር እዩ ።

**Befristeter Mietvertrag (በፍሪስትተር ሚት-ፈርትራግ)**

ገደብ ዘለዎ ውዕል ክራይ ገዛ: ከምዚ ዓይነት ውዕል ድማ ኣብታ ውዕል ዝውዳኣላ መዓልቲ ካብ ገዛ ክትወጽእ ይግባእ ። ከምዚ ዓይነት ውዕል ግን ሳሕቲ እዩ ዝርከብ ። ብብዝሒ ግን እቲ ገደብ ዘይብሉ ውዕል ክራይ እዩ ዝርከብ ። እንተኾነ ግን ሓደ ንጹር ጌጋ ምስዝርከብ እቲ ውዕል ክቃረጽ (ከውጹኻ) ይኽእሉ እዮም ።

**Betriebskosten (ብትሪብስ-ኮስተን)**

ናይ ሃለኽቲ ነገራት ክፍሊት : እዚ ክፍሊት እዚ መብዛሕቱኡ እዋን ምስ ክራይ ገዛ ተደሚሩ ይኽፈል (ኣብ ናይ ውዕል ክራይ እቱው እዩ) ከም መውዓይ ገዛ ናይ ጓሓፍ ናይ ሃውዝማይስተር ከምኡውን ናይ ኣፍደገ ማዕጾ መጻራረይ ወዘተ። ካብዚ ወጻኢ ከም ተሌፎን ኢንተርነት ልቺ ማይ ከምኡውን ተለቪዘን ብላዕሊ ይኽፈል ።

**bezugsfertig ab (ብትሱግስ-ፈርቲግ ኣብ)**

*= Bezugstermin ተወከሰ ።*
እቲ ገዛ ዝውዳኣሉ መዓልቲ (ተዓራርዩን ካልእን) ።

**Bezugstermin (ብትሱግስ-ተርሚን)**

ናይ ገዛ ምእታው ቆጻራ : ካብዛ ሰዓት እዚኣ ማለት ናይ ትኣትወላ ቆጸራ ሕሳብ ገዛ ክራይ ይጅምር ።

**Bruttokaltmiete (ብሩቶ-ካልት-ሚተ)**

ጠቕላላ ዝሑል ክራይ : ብዘይ ማይን ሃይሱንግን ።

**Courtage (ኩርታጅ)**

*= Maklercourtage ተወከሰ ።*
ናይ ድለላ ክፍሊት ።

**Dringlichkeitsbestätigung (ድሪንግሊሽካይትስ-ብሸቴቲጉንግ)**

ህጹጽ መረጋገጺ ። ፍሉይ ገዛውቲ ኣሎ ኣብ ሃምቦርግ ንገዛ ዘይብሎም ስደተኛታት ቀዳምነት ዝህብ ። እዚ ቀዳምነት ን ህጹጽ ዘድልዮ ይዋሃብ ።

**Einkommensnachweis (ኣይንኮምንስ-ናኽቫይስ)**

መረጋገጺ ናይ እቶትካ : በሓገዝ ይኹን ብስራሕ ዝኣቱ ወርሓዊ ደሞዝካ መረጋገጺ : ምእንቲ እቲ ዘካርየካ ዓቕሚ ናትካ ክፈልጥ ።

**Einverständniserklärung zur Einholung von Auskünften bei der SCHUFA**

**(ኣይንፈርሽተንድኒስ-ኤርክለሩንግ ትሱር ኣይንሆሉንግ ፎን ኣውስኩንፍተን ባይ ደር ሹፋ)**

*= SCHUFA ተወከስ ።*

ብዛዕባ ናትካ ድሕረባይታኻ ንምፍላጥ ፍቓደኛ ምኻን ብሹፋ (SCHUFA) ። ሹፋ (SCHUFA) ማለት ናይ መነባብሮኻ ከምኡውን ምስክርነት (ገበን ካልእን) ሓበሬታ ናይ እንታይነትካ ይህብ ።

**Genossenschaft (ገኖሰን-ሻፍት)**

ማሕበር ምትሕግጋዝ : እዚ ማሕበር እዚ ን ኣባላቱ ገዛ የካሪ ። ኣባል ንሙኻን ናይ ማሕበርተኛ ገንዘብ ብምኽፋል ኣባል ሙኻን ይካኣል ። እቲ ኣጋባብ ክፍሊት ኣብ ገጽ 10 ረአ ።

**Genossenschaftsanteile (ገኖሰንሻፍትስ-ኣንታይለ)**

ሽርክነት ናይ ማሕበር ። ኣብ ገጽ 10 ተዘርዚሩ ዘሎ ኣገባብ ኣካፋፍላ ብምኽፋል ኣባል ሙኻን ይካኣል ።

**Gesamtmiete (ግዛምት-ሚተ)**

ጠቕላላ ክራይ : ባሓፈሹኡ ምስ መውዓይ ገዛ ካልእን ምክራይ ።

**GEZ (ጌ-ኤ-ትሰት)**

*= Rundfunkbeitrag ተወከስ ።*

ተለቪዝን ሬድዮ ካልእን : ክፍሊት ኣብ ሰለስተ ወርሒ ይኽፈል ።

*[Ende S. 22]*

**Haftpflichtversicherung (ሃፍት-ፕፍሊሽት-ፈርዚሽሩንግ)**

ውሕስነት ናይ መድሕን : እዚ መድሕን ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ መድሕን እዩ ። ብዘይ ኣፍልጦ ዝሰበርካዮ ንብረት ናይ ሰብ እዚ መድሕን ዋጋ ናይቲ ዝዓነወ ንብረት ይኸፍል ። እዚ ግን ካብቲ ክፋል ናይ ገዛ ክኸውን ኣለዎ ። ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ምስ ዘጋጥም : ንስኻ ወይ ደቅኻ ኣብ ጎረቤት ወይ ኣብ ኣስካላ ናይ ገዛ ገለ ዕንወት ምስ ትፍጽም ወይ ኣብ ገዛ ናይ ማይ ጉድኣት ወይ ባርዕ ምስ ዘጋጥም ከምኡውን ብሰንክኻ ናይ ጎረቤት ንብረት ምስ ዝልከም ።

**Hauptmieter_in (ሃውፕት-ሚተር/ሪን)**

ቀንዲ ተኻራያይ : ን ኣብነት ብማሕበር ክራይ ኣባይቲ ወይ ምስ ኣካራያይ ውዕል ተለዎ : ከምኡውን ታሓታትነት ናይቲ ገዛ ምስ ዝስከም እዚ ቀንዲ ተኻራያይ ይባሃል ።

**Hausordnung (ሃውስ-ኦርድኑንግ)**

ስርዓት ገዛ ። እዚ ስርዓት ገዛ ዘማልአ ሕግታት ን ኩሉ ነበርቲ ናይቲ ገዛ ከም ኣብነት ። ናይ ጸጥታ ሰዓት ክሕሎን ናይ ውሕስነት ስርዓት ክህሉን ።

**Hausratsversicherung (ሃውስራትስ-ፈርዚሽሩንግ)**

መድሕን ናይ ገዛ ንብረት : እዚ መድሕን ን ዕንወት ዘጋጠሞ ንብርትካ ይመልስ ። ንኣብነት ብሓዊ ወይ ማይ ንብረት ገዛኻ (ኤለትሪካዊ ይኹን ካሊእን) ምስ ዝዓኑ ።

**Heizkosten (ሃይትስ-ኮስተን)**

ክፍሊት ናይ ሃይሱንግ ናይ ዉዑይ ማይን ።

**Kaltmiete (ካልት-ሚተ)**

*= Nettokaltmiete ተወከስ ።*

ጽሩይ ውዕል ክራይ (ክራይ ንበይኑ ብዘይ ካልእ ትሕዝቶ) ።

**Kaution (ካውትስዮን)**

ትሕጃ ። እዚ ትሕጃ ገለ መጠነ ገንዘብ ኮይኑ ከም ልሙድ ናብ ሓዲሽ ገዛ ክትሳጋገር ከለኻ ኣብ ወልቃዊ ኣከራያይ ወይ ድማ ንትካል ክራይ ኣባይቲ ይኽፈል ። እቲ ክፍሊት ልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ካብ ጽሩይ ናይ ዝሑል ክራይ ንሱ ድማ ብጆብሰንተር ክኽፈል ይካኣል ። እዚ ትሕጃ ከም ውሕስነት የገልግል ንኣብነት

ክራይ ምስ ዘይከፍል ወይ ውዕል ኣብ ዝውዳኣሉ ንብረት ምስ ዘዕኑ ካብቲ ትሕጃ መዐረይ ይውሰድ ምኽንያቱ እቲ ዝዕነዎ ንብረት ክዕርዮ ስለ ዘለዎ ። ኮይኑግና እንድሕር ኣብቲ ውዕል ዘብቃዓሉ ብዝኾነ ጉድለት ምስ ዘይህሉ ተኻራያይ ትሕጃኡ ይምለሰሉ ።

**Kündigung (ኩንዲጉንግ)**

ውዕል ምዕጻው (ምውዳእ) ኣብ ሞንጎ ኣካራያይን ተኻራይን ካብ ገዛ ንኽወጽእ ። ተኻራያይ ናይ ገደብ ዘለዎ ምስዝኽውን ውዕሉ : ውዕሉ ምስ ወደአ ብዘይ ምኽንያት (መርተዖ) ውዕሉ ደው የብል ። ኣካራያይ ናይ ግድን ምኽንያት ክዝርዝር ኣለዎ ከምኡውን ብውሕዱ ናይ 3 ወርሒ ገደብ ውዕል ክህልዎ ኣለዎ ። ኣብ ፍሉይ ኩነታት ብዘይ ገደብ ውዕል ኣካራያይ ውዕል ደው ከብሎ ይኽእል ።

**Kündigungsfrist (ኩንዲጉንግስ-ፍሪስት)**

ተኻራያይ ወይ ኣካራያይ ውዕል ከብቅዕ ምስ ዝደሊ ናይ ግድን ኣብ ውስን ግዜ ከመልከት ይግባእ ምእንቲ እቲ ውዕል ከብቅዕ ። እዚ ዓይነት ውዕል (Kündigungsfrist) ሕጊ ናይ ግዜ ገድብ ኣለዎ ኣብ መንጎ ምምልካት ን ውዕል ምብቃዕን ። ንሱ ከኣ ን ተኻራያይ 3 ወርሒ ን ኣካራያይ ድማ ተዋሓደ 3 ወርሒ ።

**Leistungen nach Asylbewerberleistungsgesetz (AsylbLG) (ላይስቱንገን ናኽ ኣዙል-በቨርበር-ላይስቱንግስ-ግዘትስ)**

እዚ ከምርዱእ ገንዘብ ኮይኑ ካብ ቀዳማይ ረዲኤት ወይ ሶትስያልኣምት ትቅበልዎ ማለት እዩ ።

**Leistungen nach SGB II (ላይስቱንገን ናኽ ኤስ-ጌ-ቤ ትስዋይ)**

እዚ ውን ከምርዱእ ገንዘብ ኮይኑ ካብ ጆብሰንተር ትቅበልዎ ማልት እዩ ከም ሽቕለት ኣልቦ ካልኣይ (Arbeitslosengeld II) ።

**Leistungen nach SGB III (ላይስቱንገን ናኽ ኤስ-ጌ-ቤ ድራይ)**

እዚ ውን ከምርዱእ ገንዘብ ኮይኑ ካብ ወኪል ሰራሕትኞታት (Arbeitsagentur ኣርባይትስኣገንቱር) ትቅበልዎ ማልት እዩ ። ከም ሽቕለት ኣልቦ ቀዳማይ (Arbeitslosengeld I) ።

**Leistungen nach SGB XII (ላይስቱንገን ናኽ ኤስ-ጌ-ቤ ትስዎልፍ)**

እዚ ውን ከምርዱእ ገንዘብ ኮይኑ ካብ ቀዳማይ ረዲኤት ወይ ሶስያልኣምት ትቅበልዎ ማለት እዩ ።

**Makler_in (ማክለር/ሪን)**

ደላላይ ። ሓደ ሰብ ተወሰነ ገንዘብ ብምውሳድ ኣብ ገዛ ምርካብ ዝተሓባበር ። ንዝያዳ ። (ኣብ ገጽ 20 ተወከስ ።)

**Maklercourtage (ማክለር-ኩርታጅ)**

ናይ ደላላይ ክፍሊት ። እዚ ሓደ ደላላይ ንምትሕብባር ወይ ንምድላል ገዛ ዝጠልቦ ገንዘብ እዩ ። እቲ ምትሕብባር ዝጠለበ እቲ ወጻኢታት ባዕሉ ይኸፍሎ። (ኣብ ገጽ 20 ተወከስ ።)

**Maklerprovision (ማክለር-ፐሮቪዝዮን)**

= *Maklercourtage ተወከስ ።*
ናይ ድለላ ገንዘብ / ክፍሊት ።

**Miete kalt (ሚተ ካልት)**

= *Nettokaltmiete ተወከስ ።*
ጽሩይ ናይ ክራይ ።

**Miete warm (ሚተ ቫርም)**

= *Gesamtmiete ተወከስ ።*
ሓፈሻዊ ክራይ (ጠቕላላ ገዛ ክራይ) ።

**Mieter_in (ሚተር/ሪን)**

ተኻራይ/ተኻራይት (Pl. ተኻረይቲ) ።

*[Ende S. 23]*

**Mieter_innenverein (ሚተር/ኢነን-ፈርኣይን)**

ማሕበር ወከልቲ (ሓገዝቲ ) ናይ ተኻረይቲ ገዛ ። እዚ ማሕበር ንተኻረይቲ ይተሓባበሩ ከም ኣብነት ካብ ጆብሰንተር ወይ ሶስያላምት ናይ መወሰኺታ ክፍሊት ንኽኽፈለልኩም ይተሓጋገዙኹም ። (ኣብ ገጽ 21 ተወከስ ።)

**Mieter_innenschutzbund (ሚተር/ኢነን-ሹትስ-ቡንድ)**

= *Mieter_innenverein ተወከስ ።*
ማሕበር ደገፍቲ ናይ ተኻረይቲ ።

**Mietübernahmebestätigung (ሚት-ኡበርናመ-ብሸቴቲጉንግ)**

= *Zustimmung des Jobcenters bzw. Grundsicherungs- und Sozialamts zur Übernahme der Mietkosten ተወከስ ።*
መረጋገጺ ካብ ጆብሰንተር ካልእን : ቀዳማይ ረዲኤትን ሶስያልኣምትን ወጻኢታት ናይ ከራይ ንምስካም ።

**Mietvertrag (ሚት-ፈርትራግ)**

ውዕል ከራይ ገዛ ።

**Möbliert (ሞቢሊኣት)**

ንብረት ገዛ ዘለዎ ገዛ ወይ ክፍሊ ። እዚ ምስ ንብረቱ ክፍሊ መብዛሕቱኡ ኣብ ውዕል ከራይ እቱው እዩ ኣይፍቀድን ነቲ ንብረት ከተውጽኦ ።

**Nettokaltmiete (ነቶ-ካልት-ሚተ)**

እዚ ውዕል ነቲ ንስኻ ተጠቀምካሉ መንበሪ ክፍሊ ዝኸፈል እዩ ። ናይ ውዑይ ዋጋን ናይ ጽገናን ተወሳኺ ክፍሊት ወጻኢታት የብልኩምን ። ከምኡዉን ኣብኡ ኣቱው ዘይኮነ ንኣብነት ናይ ኤለትሪክ ዋጋ እዩ ።

**Nebenkosten (ኔብን-ኮስተን)**

= *Betriebskosten ተወከስ ።*
ተወሳኺ ክፍሊት ።

**Private Vermieter_innen (ፕሪቫት ፈርሚተር/ሪንነን)**

ውልቃዊ ኣካራያይ ። እዚ ማለት ናይ ውልቁ ገዛ ዘካረየ ።

**Provision (ፕሮቪዝዮን)**

= *Maklercourtage ተወከስ ።*
ናይ ድለላ ገንዘብ / ክፍሊት ።

**Rundfunkbeitrag (ሩንድፉንክ-ባይትራግ)**

ክፍሊት ናይ ተለቪዝንን ራድዮን ። እዚ ክፍሊት ነፍሲ ወከፍ ተቀማጢ ዝጥቀመሉ ናይ ክፍሊ ሓብሬታ(ሜድያ) ዝከፍሎ እዩ ። እንድሕር ሓገዝ ትቅበል ኮንካ ካብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኣብነት (Leistungen nach SGB II ) ካብ ምኽፋል ነጻ ኢኹም ። ኣገዳሲ ፧ ከትገብርዎ ዘለኩም ናይ ግድን ኣቀዲምኩም ሕቶ ከተቅርቡ ኣለኩም ካብ ክፍሊት ናጻ ንሙኻን ። ንኣብነት ኣብዚ [www.rundfunkbeitrag.de/buergerinnen_und_buerger/formulare/befreiung_oder_ermaessigung_beantraggen/idex_ger.html](www.rundfunkbeitrag.de/buergerinnen_und_buerger/formulare/befreiung_oder_ermaessigung_beantraggen/idex_ger.html)

**SAGA (ዛጋ)**

ትካል ከራይ ኣባይቲ ኮይኑ ኣብ ሃምቦርግ ይርከብ ። እዚ ትካል እዚ ብዙሕ ገዛ የካሪ ። (ኣብ ገጽ 10 ተወከስ ።)

**SCHUFA (ሹፋ)**

ሓደ ማሕበር ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንግስቲ ኮይኑ ዘገልግል ማሕበር እዩ ። እዚ ማሕበር ብዛዕባ ታሪኽ ሂወትካን ኩነታትካን ኩነታት ኣታዊኻን ዝገበርካዮም ጉድለታትን ዝቆጻጸር ማሕበር እዩ ። ኣብ ግዜ ገዛ ክትካረ ትደልየሉ ወይ ስራሕ ኣብ ትሓተሉ እዋን ካብዚ ማሕበር ወረቐት (ታሪኽ ሂወትካ) ከተምጽእ ትሕተትብ ኣካራያይ ወይ ዋና ትካል ። (ኣብ ገጽ 8 ተወከስ ።)

**Stromkosten (ሽትሮም-ኮስተን)**

ክፍሊት ናይ ሓይሊ ኤሌትሪክ ። እዚ ከኣ እቱው ኣይኮነን ኣብ ጠቕላላ ክራይን ኣብ ተወሳኺ ክፍሊትን ። ከምኡውን ብጀብሰንተር ወይ ሶትስያላምት ዝኽፈል ኣይኮነን ።

**Telefonkosten / Internetanschluss (ተሌፎን-ኮስተን / ኢንተርነት-ኣንሽሉስ)**

ናይ ተሌፎንን ኢንተርነትን እትኸፍሎ ክፍሊት ። እዚ ድማ ኣብ እቱው ኣይኮነን ኣብ ጠቕላላ ክራይ ።

**Untermiete (ኡንተር-ሚተ)**

ምስ ሓደ ተኻራያይ ተጸጊዑ ዝነብር ኮይኑ ናይ ክራይ ውዕል ዘይብሉ ። ግን እቲ ኣካራያይ ከፍቅድ ኣለዎ ። ተኻራያይ ነቲ ጽግዕተኛ ሓደ ክፍሊን ካልእን ከማቕሎን ወይ ብጠቕላላ ገዛ ክህቦን ንዝተወሰነ እዋን (ግዜ) ።

**Verfügbar ab (ፈርፉግባር ኣብ)**

= *Bezugstermin ተወከስ ።*
ቁሩብ ገዛ ንኽትኣዎ ካብዚ መዓልቲ ።

**Vermieter_in/Vermietung (ፈርሚተር/ሪን / ፈርሚቱንግ)**

ሓደ ሰብ ወይ ትካል ገዛ ኣካርዩ ኣታዊ ዝረክብ ።

***[Ende S. 24]***

**Warmmiete (ቫርም-ሚተ)**

= *Gesamtmiete ተወከስ ።*
ጠቕላላ ክራይ ገዛ ።

**WG (ቬ.ጌ.)**

= *Wohngemeinschaft ተወከስ ።*
ብሓባር ተኻረይቲ ዝነብርዎ ገዛ ።

**Wohnberechtigungsschein (ቮን-በረኽቲጉንግስ-ሻይን)**

ድጋፍ ወረቐት ናይ ክራይ ገዛ ካብ ምምሕዳር ከተማ ሃምቦርግ ዝወጽእ ። ንዝምልከቶም ሰባት ፤ ኣታዊታቶም ውሑድ ዝኾነ ሰባት ክራይዩ ምጡን ዋጋ ስለዝኾነ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ገዛውቲ ዕድል ንምርካብ ናይ ግድን ይኸውን እዚ ናይ ድጋፍ ወረቐት ክህልወካ ። ነዚ ወረቐት ንምርካብ ናብ ምምሕዳር (Bezirksamt ብትሲርከስ-ኣምት) ብኣካል ብምኻድ ደገፍ ንኽህቡኻ ትሓትት ።

**Wohnbrücke (ቮን-ብሩከ)**

ንስደተኛታት ዝኸውን ገዛ ኣብ ምርካብ ዝተሓባበሩ ግን ንዝኹሉ ዝተሓባበረኩም ሰብ ክህልወኩም ይግባእ ። እቲ ሰብ ናይ ጀርመን ቋንቋ ጽቡእ ጌሩ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ ። (ኣብ ገጽ 19 ተወከስ ።)

**Wohngemeinschaft (ቮን-ገማይንሻፍት)**

ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ። እዚ ማለት ዓቢ ገዛ ኮይኑ ነናትኩም ክፍሊ ሃሊኩም ኣብ ባኞ ፤ ሽቓቕን ክሽነን ግን ናይ ሓባር ትጥቀምሉ ። (ኣብ ገጽ 18 ተወከስ ።)

**Wohnungsangebot (ቮኑንግስ-ኣንገቦት)**

ንኽካረ ዝተቐረበ ገዛውቲ ። እዚ ንኽካረ ተቐሪቡ ዘሎ ገዛውቲ ክትሪኡዎ ኣለኩም ። ካልኣት ውን ከምዚ ከማኹም ክሪእዎ እዮም ።

**Wohnungsbesichtigung (ቮኑንግስ-ብዚሽቲጉንግ)**

ነቲ ገዛ ኽትሪእዎ ምስ ብዙሓት ሰባት ኮንኩም ምስ ራኣኹሞ ወረቓቕቲ ኣሎ ዝምላእ ንዕኡ መሊእኩም ንዋና ትህብዎ ምስኡ ውን ትዘራረቡ ከምኡውን ኣድራሻኹምን ተሌፎንኩም ትገድፍሉ ።

**Wohnungsübernahme (ቮኑንግስ-ኡበርናመ)**

ገዛ ምርካብ (ምሃብ) ። ቅድሚ ናብቲ ገዛ ምእታውኩም ምስቲ ዋና ገዛ ቆጸራ ጌርኩም ነቲ ገዛ ብኹሉ የርእየኩም (ምሉእ ገዛ ክሸነ መኽዘን ካልእን) ቅድሚ መፍትሕ ምቕባኩም (ምፍርራምኩም) ዘሎ ጉድለት ናይ ገዛ (ዝተባላሸወ ንብረት) ብጹሑፍ ሃበና ክትብልዎ ይግባእ ናይቲ ተበላሸወ ንብረት ።

**Wohnungsunternehmen (ቮኑንግስ-ኡንተርኔመን)**

ትካል ኣባይቲ ። (ኣብ ገጽ 16 ተወከስ ።)

**Zustimmung des Jobcenters / Grundsicherungs- und Sozialamts zur Übernahme der Mietkosten (ትሱሽቲሙንግ ደስ ጆብሰንተርስ / ግሩንድዚኽሩንግስ- ኡንድ ሶትስያልኣምትስ ትሱር ኡበርናመ ደር ሚትኮስተን)**

ጆብሰንተርን ሶትስያልኣምት ክኸፍዎ ዝኽእሉ ክራይ ገዛ ። እንድሕር ካብ ጆብሰንተር ወይ ሶትስያልኣምት ተኾይኑ ኣታዊኹም ቅድሚ እቲ ገዛ ምእታውኩም ፍቓድ ካብ ጆብሰንተር ወይ ሶትስያልኣምት ክህልወኩም ይግባእ መታን ባዕሎም ክኸፍልዎ ። ንሱ ድማ ነቲ ገዛ ክፍቅድልኩም ከለው ሕግታት ስለ ዘለዎ ማለት ዓቐን ናይ ገዛ ከምኡ ዉን ዋጋ ክራይ ክሳብ ክንደይ ከምዝበጽሕን ፈሊጦም እቲ ዝግባኣኩም የፍቅደልኩም ።

**Zwischenmiete (ትስቪሽን-ሚተ)**

ኣብ መንጎ ተኻረያይን ጽግዕተኛን ኮይኑ ፤ እቲ ተኻራያይ ን ሓደ ሰብ ምስኡ ብምጽጋዕ የንብሮ ። ገዛ ምስ ንብረቱ እዩ ። እቲ ቀንዲ ተኻራያይ ኣብ ዝደልልዮ እዋን ከውጽኦ ይኽእል ። ምኽንያቱ እቲ ስምምዕ ኣብ መንጎኦም ኣብ ሞንጎ ተኻራያይ ጽግዕተኛን ስለ ዝኾነ ።

*[Ende S. 25]*

## 14. ናይ Die Insel Hilft e.V. ኣድራሻ (Kontaktadresse)

Die Insel Hilft e.V. / “ዲ ኢንዝል ሂልፍት ኤ.ፋው.”
Erlerring 1 / ኤርለር-ሪንግ 1
21109 Hamburg / 21109 ሃምቡርግ
Telefon / ቴሌፎን ፦ 040 35 62 86 67
E-Mail / ኢ-ሜይል ፦ sprechstunde@inselhilfe.org
Webseite / ናይ ኢንተርኔት ገጽ ፦ www.inselhilfe.org

***[Ende der Broschüre]***